# ፖሊቲካዊ ውሳኔታት።
## መስራዊ ኣኼባ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

**<u>1. ኣፈታትሓ ፍልልያትን ምስሕሓባትን፣</u>**

ኣብ መንጎ ኣባላት ኪዳን ዝኾና ፖሊቲካዊ ሓይልታት ብፍላይ፣ ኣብ መንጎ ተቓወምቲ ኣካላት ድማ ብጠቕላላ፣ ዝቕልቀል ምስሕሓባት ብዲሞክራስያዊ ልዝብን ብሓላፍነታዊ መንገድን ንኽፍታሕ ኪዳን ይጽዕት።

**<u>2. ጕዳይ ዝርርብ ምስ ህሉው ስርዓት።</u>**

ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ፖሊቲካዊ ቅልውላው ንምፍታሕን፣ ብሰላማውን ዲሞክራስያውን መንገዲ ምስግጋር ፖሊቲካዊ ስልጣን ንምዕዋትን ዝዓለመ ዝርርብ ምስ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንምክያድ፣ ኪዳን ናብ መኣዲ ዘተ ኪቐርብ ድሉው ምዃኑ የረጋግጽ።

**<u>3. ጕዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን</u>**

ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ዘይተፈትሐ ናይ ዶብ ምሕንጻጽ ጕዳይ፣ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘሎዎ ሚዛንን መርገጽን በዚ ዝስዕብ ይግለጽ።

- ውሳኔ ኮሚስዮን ዶብ፣ ንፍሉጥ ኣካላት ኤርትራዊ ህዝብን መሬትን ቈሪሱ ናብ ኢትዮጵያ ዘሰጋግር ብምዃኑ ዘይፍትሓዊ ኢዩ።
- ብመንጽር ውዕል ኣልጀርስ፣ ብሕጋዊ ዓይኒ ኪጥመት ከሎ፣ ብይን ኮሚስዮን ዶብ ደምዳምን ቀያድን ስለ ዝኾነ ኣብ ግብሪ ኪውዕል ከምዝግባእ ኪዳን ይኣምን።
- ናይ ዶብ ኮሚስዮን ብይን ዘይፍትሓዊ ብምዃኑ ኣብ ኣተጋብራኡ ንዘጋጥሙዎ ሽግራት ብምግንዛብ፣ ብሰላማዊ ኣጋባብ ጥራይ ክፍትሑ ከምዘሎዎም ይርኢ።

**<u>4. ጕዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት፣</u>**

ዲክታቶርያዊ ግዝኣት ኣብ ውሽጢ ሃገር ኣስፊኑዎ ብዘሎ ናይ ጭቆናን ራዕድን ኵነት፣ ኤርትራውያን ናብ እተፈላለየ ዞናታት ዓለም እናሓደረ ብዝዛይድ ቍጽሪ ይስደዱን፣ ኣብ እተሰደዱሉ ቦታታት ንዝተፈላለየ ሽግራትን ሓደጋታትን ይሳጥሑ ምህላዎም ብምግንዛብ፣ ንድሕነቶምን ንሰብኣዊ መሰላቶምን ንምክልኻልን፣ ዝሕገዙሉ ኣኽእሎታት ንምስፋሕን ኪሕለቐሎምን ኪጽዕተሎምን ምዃኑ ወሲኑ።

**<u>5. ሃገራዊ ሰራዊት ኤርትራ፣</u>**

ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ ኣብ መጻኢ፣ ኣካል ናይቲ ንልዑላውነት ሃገር ዝዕቅብ ሃገራዊ ሰራዊት ኰይኑ ተራኡ ክቕጽል ኪዳን ይቕበል።

**<u>6. ዝምድና ምስ ህዝብታትን መንግስታትን ዞናና።</u>**

ኪዳን ምስ ዞናና ዝህሉዎ ናይ ዝምድና ሰረታት ብምንጻር፣ ናይ ሕድሕድ ናጽነት ፖሊቲካዊ ውሳኔ ምኽባር ዝተመስረተ ኰይኑ፣ ንርግኣትን ሰላምን ንሓባራዊ ረብሓን ምትሕግጋዝን ምምዕባል ኣውራ ዕላማኡ ዝገበረ ኰይኑ ንክህነጽ ኪዳን ይጽዕር።

መስራቲ ኣኼባ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
5 መጋቢት 2005